# <u>*ኣወንታዊ ሰውራ*</u>

*ብዕለት 15 ሰነ 2008 ኣብ ኮንፈረንስ ምምስራት ሰልፊ ኣውስትራልያ ብኣቶ ሃይለ ገብሩ ዝቐረበ መደረ*

**መእተዊ**
**ሓዲሽ ብርሃን ተውሊዑ ዘሎ መሲሉ ይረኣየኒ፡ ጸልማት ነዚ ተወሊዑ ዘሎ ብርሃን ክቆጻጸርን ከጥፍእን ዓቕሚ ዘለዎ ውን ኣይመስለንን።ኣካል ናይ'ዚ ተወሊዑ ዘሎ ብርሃን ምዃነይ ንነብሰይ ዕድለኛ'የ ዝቖጽራ። እንኳዕ ተኸላኺላይን ዓቃብን ጸላም ኣይኮንኩ፡ ካብ ከምዚ ዝመስል ስራሕ ዝኸፍእ ክሳራ ኣብ ሕ/ሰብኣዊ ህይወት ስለ ዘየለ።**

**ተ.ሓ.ኤ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ነጻ ንምውጻእ ቀዳማይ ዓመጻዊ ብርሃን ዝወልዐ፡ ንጸልማት መግዛእቲ ጭራ ብርሃን ነጻነት ኣርእዩ ዘሰንበዶ ውድብ እዩ። ሕጂ ከኣ ተ.ሓ.ኤ ሰ/ባ ታሪኹ ደምዲሙ ንሓዲሽ ሰልፊ ቦታ ብምኽፋት ሓዲሽ ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ሽግ ክለዓል ተባዕ ተበግሶ ወሲዱ ኣሎ። እቲ ዓመጽ ዝናውቱ ጸላም ዝምልክቱ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ በዚ ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ጨራ ከምዝስንብድ ዘጠራጥር ኣይኮነን።ውዒሉ ሓዲሩ ከኣ ብርሃን'ዩ ዘሰንፍ።**

**ምስጋና ይብጽሓዮም መሪሕነትን መሰረታትን ተ.ሓ.ኤ ሰ/ባይቶ ሳላ እቲ ዘይሕለል ቃልሶምን ብሩህ ኣወንታዊ ኣተሓሳስብኦምን ሓዲሽ ኣወንታዊ ዘርኢ ተዘሪኡ ኣሎ። እዚ ተዘሪኡ ዘሎ ኣወንታዊ ተስፋ፡ ነቲ ኣብ ፖለትካዊ ህይወት ሃገርና ዓብሊሉ ዘሎ ኣሉታዊ ኣተሓሳስብን ኣሰራርሓን ዝምድናታትን ኣብ ምቕያር ኣወንታዊ ተራ ክጻወት እዩ። ፍሪኡ ድማ ብዘይጥርጥር ንህዝብና ዘዕግብ ንነባሪ ሰላምን ዲሞክራስን እምነ መሰረት ዘቐምጥ ክኸውን እዩ።**

**ምስጋናይ ይብጸሓዮም ኣባላት ሓባራዊት ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊን ኣባላት ክኾኑ እተመዝገቡ ሕጹያት ሰልፍን፡ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሮም ሓዲሽ ታሪኽ ይስራሕ ኣሎ፡ ሳላ ኣብርክቶ ኩሉ ምዕባለ ጉዕዞ ምምስራት ሰልፊ ፍጡን ኮይኑ ኣሎ። ዕማም ኮሚሽን ተደምዲሙ ጉብኤ ሰልፊ ዝግበረሉ ዕለት ከኣ ዳርጋ ኣኺሉ እዩ።**

**ሎሚ መዓልቲ ንኮንፈረንስ ኣውስትራልያ ንኽትዕ ከገልግል ካብቲ ኣብ ውሽጢ ጉዕዞ ምምስራት ሰልፊ እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ርእይቶት ዝነቕል ገለ ገለ ሓሳባትን ርእይቶታትን የቕርብ ኣለኹ።ኣቀራርባይ ንኽትዕ ዝዕድም ክኸውን ተስፋ ይገብር። ፖሊሲ ሰልፊ ዝውስን ጉብኤ ሰልፊ እዩ። እዚ ዝቐርብ ዘሎ ርእይቶታት ንኽትዕ ዝዕድም ኣብ ምሕንጻጽ ፖሊሲ ሓጋዚ ተራ ክጻወት ዝኽእል እምበር ንገዝእ ነብሱ ፖሊሲ ሰልፊ ክቑጸር ከምዝይግብኦ ኣቐዲመ ከጠንቕቕ ይፈቱ። እተፈላለዩ ርእይቶታት ክሳብ ድሮ ጉብኤ ማዕረ ክብሪ ክህልዎም እዩ።ጉብኤ ጥራይ እዩ እቲ ዘድልዮ መሪጹ ነቲ ዘየድልዩ ክጉሕፍ ዝኽእል። እዚ ድሕሪ ምብርሃ ኣብ'ቲ ነጥብታት ክኣቱ ኣፍቂዱለይ።**

<u>**ንምንታይ ኣውንታዊ ሰውራ?**</u>

**ለውጢ የድሊ ኣሎ።እቲ ዝድለ ዘሎ ለውጢ ተራ ለውጢ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ፖለቲካዊ ሽግራት ሃገርና ተራ ሽግር ስለ ዘይኮነ። እቲ ሽግርና ለጊብካ ለጋጊብካ ብጽገና ዝዕረ ኣይኮነን።ሽግርና ሱር ዝሰደደ ከቢድ ሽግር እዩ። እቲ ዝድለ ዘሎ**

ለውጢ ድማ ቃል ዶ/ገበረመስቀል ምክትል ኣቦ መንበር ሓባራዊ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ክልቃሕ " ሱር ነቀል" ለውጢ እዩ። ነቲ ብኣሉታ ተዓብሊሉ ዘሎ ኣተሓሳስብና ኣሰራርሓና ዝምድናታትና ብሱሩ ዝንቕንቕ ለውጢ'ዩ ዘድሊ ዘሎ።ነቲ ኣሉታውን ድስኩልን ፖለትካዊ ሃለዋትና ዘነቓንቕ ኣወንታዊ ሱር ነቀል ለውጢ'ዩ ዝድለ ዘሎ፣ ነዚ ከኣ ኣወንታዊ ሰውራ እንተበልናዮ ልክዕ ስሙ'ዩ ዝመስል ዘሎ።

እዚ ነቕሞ ዘለና ሰልፊ ንሱር ነቀል ለውጢ፣ ንኣወንታዊ ሰውራ ኣተዓጥቀ ሰልፊ ክኸውን'ዩ ሕልምና። ንገዝእ ነብሱ ካብ እሉታዊ ኣተሓሳስባ ተገላጊሉ ንኣወንታዊ ለውጢ ዝዕጠቐ፣ ንህዝብና ካብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምግልጋልን ንኣወንታዊ ለውጢ ኣብ ምድላውን ዝሕግዝ። ነቲ ቁልቁል ኣፋ ተደፊኡን ደኒኑን ዘሎ ርእሲ ህዝብና ኣብ ምቕናዕ፣ ነቲ መለኸቲ ጸሪጉ ሃገር ክሃንጽ ዝኽእል ዕቑር ዓቕሚ ህዝብና ኣብ ምብርባር ተርኡ ዝጻወት ሰልፊ ክኸውን'ዩ ድልየትናን ዕላማናን።

-1-

## ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ

ኣብ ንድፊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ሰፊሩ ከምዘሎ "ዕላማ ሰልፍና ሓድነት ህዝባን መሬታን ዘዕቀበት፣ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና፣ብደሞክራሲያዊ ሕገ-መንግስቲ እትመሓደር ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን እተኽብር ብልጽግቲ ኤርትራ ምህናጽ እዩ።" ነዚ ዕላማ እዚ ንምዕዋት እንኽተሎ ኣገባብ ሰላማውን ዲሞክራስያዊን ክኸውን ይግብኦ። ምኽንያቱ ከምዚ ዝመስል ዕላማ ብዓመጽን ሓይልን ክፍጸም ስለ ዘይክእል እዩ። ካብዚ እምነት እዚ ብምንቃል፣ ሰልፍና ንሰላማውን ዲሞክራስያውን ቃልሲ ብጽንዓት ዝቃለስ ሰልፊ'ዩ ክኸውን ዝግብኦ።

ኣብቲ ዓመጽ ዝምህሩ መምሃራን ዝበዝሕዎ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና፣ ሰልፍና ተወሰኺ መምህር ዓመጽ ክኸውን ክመርጽ የብሉን። ሰልፍና፣ ኣብ'ቲ ወተሃደራዊ ሰነ ስርዓትን ዓመጽን ጽልእን ቅርሕንትን ዝምህር፣ መማህራን ስለ ዝበርዝሕዎ ጸቢቡ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ዓመጽ ቦታ ክረክብ ክቆራቆስ ኣይግብኦን ። ሰልፍና ንዕላምኡ ዘገልግል ሓዲሽ መንገዲ ክመርጽ የድልዮ። ንዕላምኡ ዘገልግል ሓዲሽ ንሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ሰነ ስርዓትን ባህልን ዝምህር ቤት ትምህርቲ ክኸፍት ይግብኦ። ኣብ ክንዲ ጽልእን ቅርሕንትን ፍቕርን ሕውነትን ተኻኣኢልካ ምንባርን ምክብባርን ክምህር ይግብኦ። ኣብ ክንዲ ኣሉታ ኣወንታ ዝምህር ሓዲሽ ኣወንታዊ ቤት ትምህርቲ ክኸፍት የድልዮ።

ሰልፍና ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቀላይ ኣብ ሃገርና ክፍጠር እጃሙ ከበርክት እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቀላይ ሓምቢሱ ህላውኡ ከረጋግጽ ዝኽእል ሰልፊ ንምግባሩ ከኣ ከይተሓለለና ክንቃለስ ይግብእ። ኣብ ሰላማዊ ዶሞክራስያዊ ቀላይ ዝግበር ሰላማዊ ውድድር ብቑዕ ሰላማዊ ተወዳዳራይ ክንገብሮ ክንቃለስ ውን የድልየና። ኣተሓሳስባና ኣሰራርሓና ኣመራርሓና ባህልና ንሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቀላይ ዝምችእ ክኸውን ኣለዎ። ንነብስና ዓሊምና ንዝህብና ውን ኣብ ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቀላይ ብቑዕ ሓንባሳይ ክንገብሮ ክንቃለስን ክንምህርን ይግብእ።እቶም ንዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ዓመጽን ወተሃደራዊ ሰነ ስርዓትን ጽልእን ቅርሕንትን ክመሃሩ ዝሓገዩ መንእሰያትና ውን ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ብቕዓት ከጥርዩ ክንምህሮም ይግብኣና።

እዚ ክንገብር ከለና ግን በሊያም ኣብ ልዕሊ ሰብ ጉድኣት ዘውርዱ ሓራግጽ ኣብ ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቀላይ ከምዘለው ክንርስዕ ኣይግባእን። ካብ ክምዚኦም

ዝኣመሰሉ ሓደገኛታት ሓራግጽ ነብስና ንምክልኻልን፡ ዘውርድዎ ጉድኣት ንምንካይን ንምቁጽጻሮም ዘኽእለና ፍልጠትን ክእለትን ክነጥሪን ክድልየና እዩ። ሓራግጽ ክንከላኸል ክንብል እነጥርዮ ብቕዓት ግን ናብ ሰብ ዝበልዑ ሓራግጽ ከይቅይረና ክንጥንቐቕ ይግብኣና። ንህዝብናን ንመንእሰያትናን ውን ሓራግጽ ከምዘለው ከነፍልጦም ኣለና፡ ንሓራግጽ ዘከላኽሎም ብቕዓት ክጥርዩ ውን ክንሕግዞም ይግብእ።እዚ ክንገብር ከለና ከኣ ዓበይትን ንኣሽቱን ሓራግጽ ከይነፍሪ ክንጥንቀቕ ኣለና። ንሓራግጽ ከመይ ገርና ክንቆጻጸሮም ከም እንኽእል ካብ ጥበብን ክእለትን ተሞክሮን ነብስ ሀር ስቲቭ ኣርዊን ዝተባህለ ሓራግጽ ዝሃድን ዝነብረ ኣውስትራላዊ ኣገዳሲ ትምህርቲ ክንቀስም ንኽእል ኢና።

<u>ማህጸን መለኽቲ ዝኾነ ዓማጺ ታሪኽና</u>

ዝሓለፈ ታሪኽና ታሪኽ ዓመጽ እዩ።ቅድሚ ምምጻእ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ዞናና ዝነበሩ ሓያላት ምሳፍንቲ፡ ብዓምጺ ጠባዮም ንህዝብታት ዞናና ሃዊኾሞ ነበሩ። ፋሽስት ጥልያን ንሃገርና ድሕሪ ምሓዙ ውን ንህዝብና ንዓመጻዊ ዕላምኡ መሳርሒ'ዩ ክገብሮ ፈቲኑ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣዕሲኪሩ ንዕላምኡ ዘገልግል ዓመጻዊ እተሓሳሰባ ኣብ ምዝርእ ተጸሚዱ ነበረ።እቲ ንሓርበኛታት ኤርትራውያንን ንህዝቢ ልብያን ህዝቢ ኢትዮጵያን ዝንዕቕን ዝጸልእን ኣተሓሳስባ ፋሽሽቲ ጥልያን ከነ ኢሉ ንዓማጽን ወራሪን ዕላምኡ ክጥዕም ዝዘርኦ መርዚ እዩ ነይሩ። እቲ ዘሕዝን ግን ሎሚ ልክዕ እቲ ፋሽስት ጥልያን እተኸተሎ ኣገባብ ዝኽተል ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ኣኪቡ ዓመጽ ዝምህር ንሓርበኛታት ደቂ ሃገርን ንጐረባብቱን ዝንዕቕን ዝጸልእን ኣጸላሚ ጒስጓስ ዘካይድን መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ምህላው እዩ።

ድሕሪ ስዕረት ፋሽስቲ ጥልያን ኣብ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ህዝብና ምስ ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ እተላለየሉ እዋን ነበረ። እተፈላለያ ፖለቲካዊ ሰልፍታት፡ ሰላማዊ ሰልፊ ሰራሕተኛታት፡ ነጻ ጋዜጣታት፡ ፖለቲካዊ ክትዓት፡ ፖለቲካዊ ኣኼባታት ዳሓር ከኣ ፓርላማ ኤርትራን ሕገ መንግስቲ ኤርትራን እተራእይሉ እዋን ነበረ። ገዝእቲ ኢትዮጵያ ግን ብዓመጽ ንነጻነት ኤርትራን ንኹሉ ዝምዕብል ዝነበረ ዲሞክራስያዊ ትካላትን መሳርሕታትን ህዝቢ ኤርትራን ደምሰስዎ።

ድሕሪ'ዚ ህዝብና ነቲ ኣብ ዝባኑ እተቐመጠ ቁርዲድ ብሓይሊ ከልግሶ ነይሩዎ። ብሰላም ካብ ዝባንካ ክለቕቕ ዘይደሊ ቁርዲድ ከተልግስ ንነብስኻ ምድማይ ከኣ ቅቡል እዩ።ብረት ኣንጻር ባዕድነት ምልዓልና ቅኑዕ'ዩ ነይሩ። እቲ እዋን እቲ ዘልዓልናዮም ንዓመጽ ዝጽውዑ ጭርሑታትን መትከላትን ከኣ ብግዜኦም ገለ ክብሪ ነይርዎ እዩ። ካብቲ ውሱን ታሪኻዊ ክብሮም ኣውጺእና ብፍጹም መልክዕ ክንጥንቀመሎም እንተፈቲንና ግን ናብ ሓደገኛ ጠባይ ክመርሑና ይኽእሉ እዮም።

1- ሰላም ካብ ኣፍ ሻምብቆ ብረት እያ እትወጽእ
2- ውግእ መቐጸልታን ዝለዓለ ደረጃን ፖለትካ እዩ
3- ዓመጽ ብዓመጽ፡ ኢሾኽ ብኢሾኽ ወ.ዘ.ተ

እዞም ጭርሑታት እዚኦም ንዝምድናዊ ትርጉሞም ዘንግዕና ፍጹማት መትከላት እንተቐጺርካናዮም ናብ ሓደግኛ ጠባይ እዮም ዝመርሑና።

1- ሻምብቆ ብረት ሰብ ዝቐትል ርሱንን ቅልጥፍን ጠያይት እምበር ሰላም ዘውጽእ መሳርሒ ኣይኮነን። ሰላም ንምረካብ ኣብ ብረት ጥራይ እንተ ተሞርኪስና ኣብ መዕረፊ ዘይርከቦ ደም ምፍሳስ ክነብር ንኽእል ኢና።
2- ውግእ መቐጸልታን ዝለዓለን ደረጃን ፖለቲካ እዩ ዝብል ብፍጹም መልክዑ እንተድኣ ርኢናዮ ዝኾነ ፖለትካዊ ቃልሲ ኣብ ዝለዓለ ደረጅኡ ናብ ዓመጽ ከብጽሓና ዘለዎ ክንቆጽሮ ንኽእል ኢና።
3- ዓመጽ ብዓመጽ ኢሾኽ ብኢሾኽ ሓዊ ብሓዊ ዝብል ብፍጹም መልክዑ እንተተታሒዙ መጠረስታ መዕረፊ ዓመጽ ወይ መወዳእታ ዓመጽ ኣብይ ምዃኑ ውን ክጠፍኣና እዩ።

በዚ ምኽንያት ኣብ ሓርነታዊ ተጋድሎና ዝነበሩ ጭርሖታት ንሕጽረታቶም ብዝግባእ ከነለልዮም ይግባእ ንህልው ቃልስና ዝገዝኡ መትከላት ከይኮኑ ድማ ክንጥቀቕ ይግባእ።

ከምቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ብረት ኣንጻር ባዕዳውያን ምልዓልና ቅኑዕ እዩ ነይሩ። ዓመጽ ኣብ ልዕሊ መሰልና ዝገሃሱ ባዕዳውያን ጸላእቲ ንምፍጻም ብረት ምስ ሓዝና ግን ምስኡ ጠባይና ክቕየር ጀሚሩ እዩ። ብረት ብምሓዝና ሓይሊ ረኺብና ኢና። እቲ ሓይሊ ንጸላኢ ዘርዕድ ንህዝብና ድማ ሞራል ዝህብ ነይሩ። ይኹንእምበር እቲ ንጸላእቲ ከፍርሕ ከርዕድ ካብ ሃገርና ጸሪጉ ከውጽእ መሰልናን ክብርናን ክሕሉ እተሰከምናዮ ብረት ንዝህብና ውን ዘፍርህን ዘርዕድን መሰል ህዝብና ክንደፍር ዝደፋፍእ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ሓይሊ ክንርክብ ዝሕግዝ መሳርሒ ኮይኑ እዩ። በቲ ንጸላኢ ተባሂሉ እተታሕዘ ብረት ህዝብና ተደፊሩ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሓት ምእንቲ ነጻነት ዝቃለሱ ዝነበሩ ደቂ ኣብ ትርጉም ዘይነበሮ ውግእ ሕድሕዳት ኣጥፊኡ እዩ።

ሕጂ ውን ሓርነታዊ ቃልሲ ድሕሪ ምድምዳሙ እቲ ኣብኡ እተጠርየ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ጌና መወዳእታ ኣይረኸበን። ብረት ነተሓሳስብና ሓንሳብ ምስ ኣስከሮ እቲ ስኽራን ክሳብ ሕጂ ካብ ሓንጎልና ክወጽእ ኣይከኣለን ዘሎ። ኣወዳድባና፡ ኣሰራርሓና፡ ኣመራርሓና ብኣሉታዊ ወተሃደራዊ መንፈስ እተጸልወ እዩ። ብረት መፍትሒ ኩሉ ፖለቲካዊ ጸገማትና ዝርኢ ባህሊ ጌና ኣይበለየን። እቶም ብቐረባ ይኹን ብርሑቕ ንብረት ተንኪፎማ ዘይፈልጡ ከይተረፉ ስሚዒቶም ብመንፈስ ብረት ተገዚኡ ንረኽቦ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዓመጻዊ ብሰላሕታ ዝማዕበለ ባህሊ ቋንቋና ተጠማዚዙ፡ ርእይቶታትና ደሪቆም ጽኑዕ መዛግብ ፈጢሮም እዮም። ካብ ርእይቶኻ ፈልከት ምባል ነውሪ ተቖጺሩ እዩ። ክትዕና ብሕጊ ውግእ ዝምራሕ'ዩ ዝመስል። ነጥቅዕ፡ ንከላኸል፡ ነድቢ፡ ነጸልም፡ መጥቅዕቲ እንተበዚሑና ነዝልቕ፡ ከም ብሓዲሽ ተዳሊና ነቲ ዝኣረገ ርእይቶና ንከላኸል።

ኣተሓሳስባና ምስ ደረቐ፡ ምልስ ኢልካ እንታይ እየ ዝገብር ዘለኹ ኢልካ ንነብስኻ ምሕታት ቦኺሩ እዩ። ለውጢ ቦታ ስኢኑ፡ ምሕዳስ ተዘንጊዑ እዩ። ብዝለምድናዮ ኣተሓሳስባ፡ ብዝለምድናዮ ኣሰራርሓ፡ ብዝለምድናዮ ዝምድናታት ኣበይ ክንበጽሕ ምዃና ርግጸኛታት ከይኮንና ክንቅጽል ንመርጽ። ቋንቋና መቐረት ስኢኑ፡ ሓሳብና ኣንኳንያ ንህዝብና ንልብና ውን ዝምስጥ ቃና ኣጥፊኡ። ኣሰራርሓና መሃዝን ተበላሓትን ቀመም ጕድልዎ ኣሰልቻዊ ኮይኑ። ዝምድናና እናጸበበ ህዝባዊ ጠባይ ከጥፍእ ጀሚሩ። ኣመራርሓና እቲ ዝድለ ክብረት ስኢኑ ። በዚ ዘንቆልቁል ዘሎ ፖለቲካዊ ኣቕጣጫ ምቕጻል ፖለቲካዊ ሞት እዩ። ካብዚ ሕሙም ሃዋህው ተገላጊልካ ሓዲሽ ህይወት ንምዝርእ ተባዕ ስጉምቲ የድሊ ኣሎ። እቲ ቅኑዕ መበገሲ

ንኸምዚ ዝመስል ተባዕ ተበግሶ ከአ ንተሞክሮኻን ንህሉው ኩነታትካን ብዕቱብ ምምዛን እዩ።

ይኹንእምበር እቲ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባና ፍርዲ ኣብ ምሃብ ስለ ዝቀዳደም ንሕሉፍ ተሞክሮና ብጉብእ ንምዛን ከበሃል ከሎ ውን ንዝሓለፈ ታሪኽና ከም ቁምነገር ዘይነበሮ ተዋስኦ ቆጺርና ክንኩንኖ ከይደፋፍኣና ምጥንቃቕ የድሊ። ንዝሓለፈ ተሞክሮኻ ምምዛን ንታሪኻዊ ሕጽረታትን ኣብ ግዜኡ ዝነበረ ንቕሓትን ኣብ ግምት ምእታው ከምዝድሊ ክዝንጋዕ ኣይግብኣን።ይሕመቕ ይጸብቕ ታሪኽና ድማ ኣብዚ ዘለናዮ ደረጃ ዘብጸሓና ስለ ዝኾነ ናብ ደረጃ ምኹንን ክንከይድ ኣይግብኣናን። ሓኹርና ኣብ ዝለዓለ ጕቦ ከምዝደየብና ንቕጸሮ። ድሕሪኡ ነቲ ዝደየብናሉ መንገዲ ደኒና ንርኢ ከምዘለና ንውሰዶ፡ ኣብቲ ላዕሊ ጕቦ ክይንና ንታሕቲ ኣንቆልቂልና ክንራኡ ከለና ዝሓሸ ካልእ መንገዲ ከምዝነበረ ክረኣየና ይኽእል እዩ። ኣብ ላዕሊ ክይንና ዝሓሸ ካልእ መንገዲ ከምዝነበረ ምርኣይና ግን ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘብጽሓና መንገዲ ክንኩንኖ ዝደፋፍኣና ክኸውን ኣይግብኣን። ንዝሓለፈ ክንመዝን ከለና ከነቆናጽብ ዘይኮነ ንመጻኢ ገለ ትምህርቲ ክንረክብ ምእንቲ ምዃኑ ክሰሓት ኣይግብኣን።

ድሕሪ እዚ ኣብ ላዕሊ እተዋህበ መብርሂ፡ ኣብ ታሪኽና ምልስ ኢልና እንተድኣ ርኢና " ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ኣይጸውርን እዩ " ዝብል ብረት ድሕሪ ምሓዝና ዝማዕበለ ደረቕ መትከል ንረክብ። እዚ መትከል እዚ እግሪ ዝረኸበ ብምኽንያት ክልተ ስሚዒት ይመስል።

1- እቲ ሓደ ካብ ሓልዮት ዝብገስ፡ ብረት ዝሓዛ ብዙሓት ውድባት ኣብ ሜዳ ኤርትራ እንተድኣ ተፈጢረን ውግእ ሕድሕድ ክመጽእ ይኽእል እዩ ስለዚ ደም ኤርትራውያን ብኸንቱ ከይፈስስ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክህሉ የብሉን ዝብል
2- እቲ ካልኣይ ድማ ሓደ ውድብ ተፈጢሩ ኣሎ ካልእ ተወዳዳሪ ውድብ ክፍጠር የብሉን። ሓደ ውድብ ንሜዳ ክብሕቶ ኣለዎ ዝብል ስሚዕት እዩ

እዚ ብግርህና ክትርእዮ ከለኻ ቅኑዕ ዝመስል መትከል ኣብ ሜዳ ኤርትራ ሓንቲ ውድብ ጥራይ ክትህሉ ከላ ሽግር ዘለዎ ኣይመስልን እዩ ነይሩ።ኣብ ጉዕዞ ሓዲሽ ነገር ተፈጢሩ ምፍንጫል ምስ ተረኸበ ግን እቲ መትከል ኣብ ፈታኒ መድረኽ ኣተወ። ኣቲ ሽግር ክፈትሕ እተፈጥረ መትከል ንባዕሉ ሽግር ኮነ። ኣብ ሓንጐልካ ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክጸውር ኣይክእል እዩ ዝብል ደረቕ መትከል ሒዝካ ኣብ ኢድካ ድማ ሓይሊ ዝህበካ ብረት ጨቢጥካ ብጀካ ዓመጽ ካልእ ክትሓስብ ቀሊል ኣይነበረን። እቲ ካብ ዓመጻዊ ሕድሕዳዊ ቃልሲ ክንድሕን ኢልና ዘቖመጥናዮ መትከል ንባዕሉ መሳርሒ ዓመጽ ኮይኑ። ሓድነት ንጽውዕ፡ ሓድነት ግን እቲ ንሕና እንፈልጦን እንቕበሎን ትርጉም ጥራይ እዩ ነይሩዎ።ዘተ ንጠልብ፡ እቲ ዘተ ግን ኣብቲ ንሕና ዝቐረብናዮ መፍትሒ ዘብጽሕ ጥራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብዚ ዘይተሰማምዐ ንሓድነትን ንዘተን ዘይቅበል እዩ።እዚ ጠባይ እዚ ብረት ንሓንጐልና ምስ'ስከሮ ዝመጸ ጠባይ እዩ።

ኣቶም ምፍንጫል ዝመረጹ ውን ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክጸወር ኣይክእልን እዩ ዝብል መትከል ክጥሕስዎ ከለው ዝመጽእ ሳዕበን ኣጸቢቖም ይፈልጥዎ ነይሮም እዮም። ገሊኦም ነቲ መትከል ኣብ ምሕንጻጹ እተሳተፉ እዮም። ምፍንጫል ምስ መረጹ ንዓመጽ ድሉዋት ምንባርም ዝከሓድ ኣይኮነን። ዝሓዝዎ

ብረት ሓዲሽን ዝበለጸን ምጣኔ ሃብታዊ ኩነታቶም ውን ዝሓሸ ብምንባሩ ዝያድ ሓይሊ ይስምየም ነሩ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምፍንጫል፡ ንልዝብን ንሰላማውን ዲሞክራስያውን ቃልስን ዝተዳለወ ኣይነበረን። እቲ ልዝብ ኣብ መንጎ ጓንደን ኣቡ ዓሸራን ብሓደ ሸነኽ ካላሸን ኮፍን በልጅክን ከኣ በቲ ካልእ ሸንኽ ክኸውን ግድን እዩ ነይሩ። ንሰላማዊ ኣገባብ ዝምችእ ኣተሓሳስባ፡ ኣሰራርሓ፡ ኣመራርሓ ኣይነበረን።

እቲ ታሪኽና ግን ብሓቂ ኣገራሚ እዩ። እቶም ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ኣይጸውርን እዩ ዝብሉ ዝነበሩ ኣብ ጉዕዞ ሓሳቦም ቀይሮም ሜዳ ኤርትራ ብዙሓት ውድባት ከም ዘለዎ ኣመኑ። እቶም ነቲ ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ኣይጸውርን እዩ ዝብል ጉጉይ መተከል ምኽኑ ብሓሳብን ግብርን እተቓለስዎ ድማ ሜዳ ኤርትራ ብሓደ ውድብ ክዕብለል ብሓሳብን ብግብርን ክቃለሱ ጀመሩ። እቶም ምፍንጫል ሓጥያት እዩ ኢሎም ዳርጋ ምሉእ ዕድምኦም ዝመሃሩ ባዕሎም መራሕቲ ምፍንጫል ኮይኖም ተረኽቡ። ብሓቂ ዘሕዝን እዩ። ህዝብና ኣብዚ ኣቕጣጭኡ ዝጠፍኦ ዕግርግር ዘብል ሓሳባት መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ ኣቕጣጫ ስኢኑ ዕግርግር እንተበለ መዓስ ዘገርም ኮይኑ። ህዝብና ተስፋ ቆሪጹ ኢዱን እግሩን ኣኪቡ ኩልኹም ሓደ ኢሉ እንተመዘነና መዓስ ተጋግዩ። እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ከምዝሓይሽ ዘረጋግጽ ምስክር ኣበይ ምስ ተረኽበ'ዩ ክኣምነና!!

ነጻነት ሃገርና እምበኣር እቲ ዕግርግር ዘብል ሓሳባት ከይጸረየ፡ ዓመጻዊ ኣተሓሳስባ ምዕባለኡን ከይበለየ ስለ ዝመጸ ንውሽጣዊ ፖለትካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክከታተል ዝጸንሐ እንታይ ዝመስል ስርዓት ክትከል ክምዝኽእል ክግምት ዘሸግሮ ኣይነበረን። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት እምበኣር ዝለዓለ መግለጽን ምዕባለን ናይቲ ኣብ ሓርነታዊ መድረኽ እተጠርየ ዓምጻዊን ኣሉታውን ኣተሓሳስባ ኣሰራርሓን እዩ።

ሰልፍና ነቲ ዕግርግር ዘብል ዘይኑጹር ኣሉታዊ ፖለቲካዊ መስመርን እቲ መሰረቱ ዝኾነ ዓመጻዊ ኣተሓሳስባን ብዝግብእ ከይመዘነን ከይነቐፈን ሓዲሽ ነገር ከምጽእ ኣይክእልን እዩ። ሰልፍና ንተሞክሮ ሓርነታዊ ቃልስና መደምደምታ ገይሩ ነቲ ኣሉታዊ ኣሰራቱ ኣብ ኣተሓሳስብና ኣብ ኣስራርሓና ኣብ ዝምድናና ኣብ ኣመራርሓናና ብወሳኒ ኣገባብ ክቃለሶ እንተዘይክኢሉ ሓዲሽ ዲሞክራስያዊ ባህሊ ክፈጥር ኣይክእልን እዩ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምእታው ከኣ ኣብ ምብርዓን ሓዲሽ ህይወትና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምእታው እዩ።

ሎሚ ፖለቲካ ኤርትራ ኢሰያስ፡ ኢሰያስ ብዝብል ድምጺ ተዓብሊሉ እዩ ዘሎ። ኢሰያስ ውን ነዚ ስለ ዝፈለጠ ንዘረባና ዘራጉድ ተዋስኦታት ክገብር ይርኣ'ሎ። ኢሰያስ ግን ፍረ ናይ ሓደ ፖለቲካዊ ተኽሊ ፡ ውጽኢት ናይ ሓደ ውሱን ፖለትካዊ ኩነታት ምኽኑ ክሰሓት የብሉን። ሽግር ሃገርና ኢሰያስ'ዩ ክንብል ከለና ኢሰያስ እንተድኣ ኣልጊሱ ምስኡ ኩሉ ሽግር ሃገርና ዝቕንጠጥ'ዩ ዝመስል።እዚ ኣገላልጻ እዚ ግን ሓደገኛ እዩ። ንዕምቆት ሽግራት ሃገርና ህዝብናን ብዝግብእ ክንርእዮ ዝሕግዝ ኣይኮነን።

እቲ ዝውቱር ዘሎ ኣገላልጻ ኢሰያስ ኣልጊሱ ካልእ እሰያስ ክመጽእ ከምዝኽእል ኣየመልክትን እዩ። ሰልፍና ካብዚ ሕጽረት እዚ ክወጽእ ይግብኦ።ኢሰያስ መላኽን ክውገድ ዘለዎን ድኣ  ይኹንእምበር ሰልፍና ንኢሰያስ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ንእሰያስ ዝፈጠረ ፖለቲካዊ ማህጸን'ዩ ብመሰረቱ ክቃለሶ ዘለዎ። ሰልፍና ኢሰያስ ለጊሱ ካልእ ኢሰያስ ከም ዘይመጽእ ርግጸኛ ክኸውን ኣለዎ። ህዝብና ውን ኣብዚ ጉዳይ እዚ

ርግጽኛ ክኸውን የድልዮ።እቶም መለኸቲ ዝፈጥሩ ፖለትካዊ ኣተሓሳስባታት፡ ውድባዊ ኣሰራርሓታት፡ ኣመራርሓን ዝምድናታትን ብሱሮም ክብንቆሱ ኣለዎም። ሰልፍና ከምዚኦም ዝመሰሉ ሕቶታት ብትብዓት ክምልስ ከይበቕዐ ሓዲሽ ነገር ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ የምጽእ ኣሎ ክንብሎ ኣይንኽእልን። ነዞም ሕቶታት እዚኣቶም ብጉቡእ ከይመርመረን ከየቃልዐን ነቶም መለኸቲ ዝፈጥሩ ፖለቲካውን ወድባውን ኩነታት ክዋግኦም ኣይክእልን ። ንገዛእ ነብሱ ውን ማህጸን ምልክን ንምልኪ ምቹእ ኩነታት ዝፈጥር ሰልፊን ካብ ምኻን ሓራ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ዓመጽ ይኹን ምልኪ ብቐዳምነት ኣተሓሳስባ እዮም። እቲ ንዓመጽ ዘድንቕ ታሪኽናን ባህልናን ከኣ ቀንዲ ቀለብን ማህጸንን መለኸቲ እዩ። ሰልፍና ነዚ ማህጸን እዚ ንምምካን ዝቃለስ ሰልፊ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ደሞክራስያ ይኹን ሰላም ምጭራሕ ቀሊል ስራሕ እዩ። ንታሪኽካ ብዓይኒ ነቓፊታ ገምጊምካ ካብቶም ኩሎም ንምልኪ ዘገልግሉ መሳርሕታት ንነብስኻ ኣገላጊልካ ንምልኪ ከም ስርዓት ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ኣመራርሓን ዝምድናታትን ብሱሩ ንምብንቋሱ ምቅላስ ግን ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን።

## ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ዕላማና ኣብ ምዕዋት ቀንዲ ዕንቅፋት እዩ

ደጊመ ክቕርቦ ኣብ ንድፊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ሰፊሩ ከምዘሎ "ዕላማ ሰልፍና ሓድነት ህዝባን መሬታን ዘዕቆበት፡ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና፡ብደሞክራሲያዊ ሕገ-መንግስቲ እትመሓደር ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን እተኽብር ብልጽግቲ ኤርትራ ምህናጽ እዩ።" ነዚ ዕላማ እዚ ንምዕዋት እንኽተሎ ኣገባብ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ክኸውን ይግባእ።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ንዕላማና ኣብ ተግባር ከይነውዕሎ ዝዕንቅፈና ቀንዲ ሽግር ህሉው ዓማጽን መላኺን ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት እዩ።ነዚ ስርዓት እዚ ከየልገስና ዕላማና ኣብ ተግባር ከነውዕሎ ኣይንኽእል። ኣንጻር እዚ ስርዓት እዚ እንገበሮ ቃልሲ ንሱ ብባህርያቱ ዓማጺ ስለ ዝኾነ ግን ካብ መንገድና ሸትት ዘብለና ክኸውን ኣይግብኦን። ነዚ ዓንቃፊን ዓማጽን ስርዓት ንምልጋስ እነካይዶ ቃልሲ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ንሕና ድልየትናን ዕላማናን ኣገባብናን ሰላማውን ዲሞክራስያውን ድኣ ይኹንእምበር እቲ ዓማጺ ስርዓት ኣብ ዘይደለናዮ ጐንጽታት ከእትወና ከምዝኽእል ኣይንስሕቶን። ነብስና ክንከላኸል ኣብ ዘይንኣምነሉ ኣገባብ ክንኣቱ ንኽእል ንኸውን። እዚ ግን ፍሉይን ንጹልን ግዝያውን ኩነታት ድኣ'ዩ ክኸውን እምበር ንኣገባብ ኣቀላልሳና ዝገልጽ ክኸውን ኣይኮነን።

ዓመጽ ብዓመጽ ካብዝብል ጉጉይ መበገሲ ነቒልና ንዓማጺ ስርዓት ብዓመጽ ጥራይ ኢና ክንስዕሮ እንኽእል ኣብ ዝብል መደምደምታ ክንወድቕ ኣይግብኣናን እዩ። ንዓማጺ ስርዓት ብዓመጽ ክንቃለሶ እንተወሲንና በቲ ሓያል ጐኑ ክንቃለሶ ወሲንና ማለት እዩ። ከበሮ ሓምሓም'ዩ ክወቅዕ። ምኽንያቱ እቶም ዝሞቱ እቶም ኣብ ላዕሊ ዘለው ውሑዳት መለኸቲ ኣይኮኑን። እቲ ንሞት ዝፈረድዎ ብግደታ ኣሰሊፈሞ ዘለው ኣብ ለውጢ ጠቕሚ ዘለዎ መንእሰይ ኤርትራ እዩ።

ይኹንእምበር ንዓማጺ ስርዓት ብዘይዓመጻዊ ኣገባብ ክንቃለሶ ክንመርጽ ከለና እንታይ ማለትና ምኻኑን ከመይገርና ክንገብሮ ከምዘለናን ውን ንጹር ክኸውን ይግብኦ። ብዘይዓመጻዊ ኣገባብ ክትቃለስ ምምራጽ ንምምብርካኽ ምምራጽ ኣይኮነን። እቲ ዕላማ ንጹር እዩ። ብህላወ መላኺ ስርዓት ዕላማ ሰልፍና ክረጋገጽ

ኣይኮነን። መላኺ ስርዓትን ዓማጺ መሳርሕታቱን ክውገድ'ዩ ዘለዎ። መላኺ ስርዓት ብፍተቱ ንስርዓቱ ከልግሶ ንመሳርሕታት ክኸስሮ ይመርጽ'ዩ ዝብል እምነት ውን ክህልወና ኣይግብኣን እዩ።እዚ ንጹር እንተድኣ ኮይኑ ከመይገርና ድኣ ኢና ንምልካዊ ስርዓት ክንስዕሮ ዘለና?

## ኣውንታዊ ሰውራን ህዝባዊ ናዕብን

ኣወንታዊ ሰውራ፡ ድኽመታት እቲ ስርዓት ጥራይ እናኣራረኻ ኣብ ምንቃፍ ግዜኻ ምጥፋእ ኣይኮነን፡ ንድኽመታት እቲ ስርዓት እናኣቀላዕካ ንስኻ ውን ካብኡ ትሓይሽ ምኳንካ ብተግባር ከተመስክር ምፍታን እዩ። ኣወንታዊ ሰውራ ሕጂ ነቲ ስርዓት ኣብ ምፍራስ ጥራይ ነተኮር ምህናጽ ጽባሕ ነርክበሉ ዝብል ኣረኣእያ ኣይቅበልን፡ ነቲ ስርዓት ብዝህባዊ ዘይምእዙዝነት ንምምካኑ እናተቓለስና እቲ ክህነጽ ዘለዎ ካብ ሕጂ ክንሃንጾ ምጅማር እዩ። ህንጸት ብኣተሓሳስባ ስለ ዝጅመር ሰልፍና ንህንጸት ዝሕግዝ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ህዝብና ክምዕብል ክቃለስ እዩ። ንዝተፈላለዩ ክኢላታት ካብ ሕጂ ንህንጸት ሃገር ዘገልግል መጽናዕትታት ክገብሩ ዕማም ክህብ እዩ። ነቶም ኣብ ሓደ ነገር ማለት ኣብ ምፍራስ እዚ ስርዓት ጥራይ ከነተኩር ዝሓቱና ኣይክንቅበሎምን ኢና። እዚ ህሉው መላኺ ስርዓት እቲ ዝዕበየ ዕንቅፋት ምዕባለ ሃገርና ምኻኑ ንኣምን። ግን ብጀክኡ ካልኦ ዕንቅፋታት ከምዘለው ምርኣይ ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኻኑ ንኣምን። ንባዕሉ እቲ ጉጉይን ዘየሰርሕን ኣተሓሳስባናን ኣሰራርሓናን ዕንቅፋት ምዕባለ ሃገርና ምኻኑ ንርኢ። ክፈርስ ዘለዎ እዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ስርዓት ጥራይ ኣይኮነን እቲ ዘየስርሕን ዘይጠቅምን ንመዋእላት ዝሓዝናዮ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣሰራርሓን ዝምድናታትን ውን እዩ።ንህሉው ስርዓት ብኣድማዒ ክንቃለሶ እምበኣር ነቲ ኣብ እድና ዘሎ ድኽምታትን ምቅላስ ቀዳማይ ስራሕ እዩ። ንገዛእ ነብስና ንለውጢ ድሉዋት ከይኮንና ዕቱባት ቀየርቲ እዚ ስርዓት ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ገለ ካብቲ ንምልካዊ ስርዓት ክንቃለሰሉ እንኽእል ናይ ዓወት እስትራተጂ ኣብ ታሕቲ ጠቂሰ ኣለኹ፡ እዚ ሓፈሻዊ ነጥብታት ድኣ እምበር ዝርዝር መግለጽኡ ኣይኮነን። እስትራተጂ ዓወት ብዕቱብ መጽናዕቲ ብዝርዝር ምስ ግምታዊ ወሰን ግዜ ኣብ ኢድ ሰልፊ ክህሉ ኣገዳሲ ክኸውን እዩ።

1- ድኹም ኣተሓሳስባናን ኣሰራርሓናን ኣመራርሓናን ዝምድናታትናን ንዕድመ መለኽቲ ዘናውሕ ቀንዲ ቀለብ ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። ካብዚ ድኽመት ዘውጽእ ስጉምታት ምውሳድ ንተቓዋሚና ኣድማዒ ይገብሮ ጥራይ ዘይኮነ ንዝህብና ሓዲሽ ተስፋ ዝሰኩዕ ስጉምቲ ክኸውን እዩ። ህዝብና መተካእታ ኣብ ምርኣይ ዘለዎ ምጥርጣር ዝቕንጥጥ ነብሰ ምትእምማን ዝፈጥር ኣገዳሲ ተርእዮ ክኸውን እዩ።
2- ኣብ ሰላምን ዲሞክርስን ዝእምነትኦም ተማሳሳሊ ፖሮግራም ዘለዎም ውድባት ክሳብ ምጽንባር ዝበጽሕ ዝለዓለ ምትእኽኻብ ክግብሩ ይግባእ። ንህዝብና ድማ ካብ ፖለቲካዊ ምቅድዳሕ ዘለዎ ናይ ዕግርግር ፖለቲካዊ ሃለዋት ኣብ ምውጽኡን ንፍልልያት ብንጹር ከለልይ ኣብ ምሕጋዙ ተረኦም ክጻወቱ የድሊ
3- ኣብ ሰላምን ዲሞክራስን ዝእምነትኦም ግን እተፈላለየ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለዎም ውድባት ሓቢሮም በቲ ዘሰማምዖም ነጥብታት ብኣድማዒ ኣገባብ ክቃለሱ ይግባእ
4- ምስተን ኣብ ሰላምን ኣብ ዲሞክራስን ዝእምንቶአን ጐረብብቲ ሃገራት ጽኑዕ ምትእስሳር ምግባር የድሊ

5- ምስቶም ሰላም ዝእምንቶኦም ኣብ ዓለም ዘለዎ ሓይልታት ጽኑዕ ምትእስሳር ምግባር የድሊ

6- ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከብ ህዝብን ሰራዊትን ብቐሊዕ ምልዕዓሉ ብምስጢር ድማ ምስርዑ፡ ረብሓ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ሰራዊትን ህዝብን ለውጢ ብምዃኑ ንለውጢ ምድላዎም። እቶም ውሑዳት ኣብ ስልጣን ዘለው መለኽቲ ከኣ ብጽዕቕ ጉስጓስ ተነጺሎም ከምዝረኣዩ ምግበር

7- ነቲ ኣብ ግዳም ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ብቐሉዕ ብጽዕቕን ምልዕዓሉ ብቐሉዕን ብምስጡርን ኣገባብ ንምስርዑ ምቅላስ

ብሓጺሩ እቲ ንምልኪ ደው ኣቢሉ ዘሎ ዓንድታት ብሰላማዊ ኣገባብ ብምስጡርን ሰሊኽካ ከምዝመክን ምግባሩ።ድሕሪ እዚ በብቐሩብ ንህዝባዊ ነብሰ ምትእምማን ኣማዕቢልካ ህዝብና ተዳልዩ ንምልኪ ኣብ ዝስዕር ወሳኒ ህባዊ ናዕቢ ዝኣትወሉ ስኡል መደባት ምሓዝ እዩ ። እዚ ነዊሕ መንገዲ'ዩ ዝመስል።እቲ ዝነውሐ መንገዲ ግን እቲ ንዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ዝሓዝናዮ መኻን ዘይፍርን መንገዲ እዩ። እቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ እስትራተጂ ኣብ ሓጻውን ዘይኮነ ኣብ ህዝቢ ዝእምነቱ ኣብ ዝተናውሐ ዘየፍራይ ውግእ ዘይኮነ ኣብ ሓጺርን ኣቋራጭን መንገዲ ዝእምነቱ፡ እቲ ስርዓት ባዕሉ ንምልኪ ከገልግሉ ዘቖሞም ትካላት ኣንጻሩ ከምዝሰርሑ ዝገብር፡ ነቶም ኣብ ለውጢ ረብሓ ዘለዎም ዝበዝሑ ኣብ ውሽጢ እቲ ስርዓት ዝርከቡ ኣካላት ተበራቢሮም ንምልኪ ኣብ ምስዓር ተራኦም ክጻወቱ ዘተባብዕ መንገዲ እዩ። እዚ ኣሰራርሓ እዚ ድስኩል ወይ ልኡም ኣገባብ ኣይኮነን ዝለዓለ ተወፋይነት ዝሓትት ንጡፍ ኣገባብ ኣቀላልሳ እዩ።

ኣወነታዊ ሰውራ፡ ክበሃል ከሎ እምበኣር ብቐዳምነት ንድኽመትካ ብምቅላስ ድኽመታት መለኽቲ ብቐሉዕ ከምዝርእዩ ምግባር እዩ። ንሰላም እና ተቓለስካ ዓማጺ ባህርያት መለኽቲ ተነጺሩ ከምዝርአ ምግባር እዩ። ነቶም ንዓመጽ ዝተሰርሑ ትካላት መሳርሒ ሰላም ንምግባሮም ብሰላምን ብምስጡርን ምስራሕ እዩ። ሓፈሻዊ ዘይምእዙዝነት ከምዝፍጠር ምግባር፡ ነቲ ቀስ ኢሉ ዝምዕብል ሓፈሻዊ ዘይምእዙዙነት ናብ ለውጢ ዝሓትት ህዝባዊ ናዕቢ ምቕያር እዩ።

-2-

## <u>ኣየናይ ሰነ ሓሳብ/ኣይድዮሎጂ/ ምኽታል ይሓይሽ?</u>

ሰልፊ ከም ፖለቲካዊ ዕላማ ዘለዎ ምትእኽኻብ መጠን ፖለቲካዊ ፕሮግራሙን ተግባሩን ካብ ውሱን ሰነ ሓሳብ/ስርዓተ ሓሳብ/ ዝብገስ ክኸውን ግድን እዩ። እቲ ከንቕሞ እንደሊ ዘለና ሰልፊ ውን ካብዚ ሓቂ እዚ ክርሕቕ ስለ ዘይክእል፡ እቲ እንብገሰሉ ስነ ሓሳብ እንታይ ክኸውን ምዃኑ ኣነጺርና ከነቕርቦ ክንሕተት ከለና ዝገርም ኣይኮነን። ይኹንእምበር ኣብ ውሽጢ እቲ ብኣሉታ እተዓብለለ ፖለቲካዊ ኩነታትናን ኣተሓሳስባናን ነተን ኣቐዲምና እንፈልጠን ሰናዱቕ ጥራይ እናረአና ንፍርዲ ስለ እንቀዳደም ህዱእን ምዕብልን ክትዕ ተሃስዩን ተጐዲኡን ጸኒሑ እዩ። ዓለምና ኣብ ከቢድ ሰነ ሓሳባዊ ቅልውላው ምህላዋ ውን ምስትብሃል ኣይጸንሐን። ሓንሳብ ኣተሓሳስባኻ ምስ ጸልመተ ጭራ ብርሃን ክትርኢ ቀሊል ኣይኮነን።ኣብ ዓለምና እተራእየ ዓበይቲ ፐለቲካዊ ሰነ ሓሳባት ኣብ ተግባር ዘይስርሑ ኮይኖም ከለው ጌና በቶም ዝፈሸሉ መንገድታት ክንከይድ ዝጽበዩና ውሑዳት ኣይኮኑን። ካብ ኣቐዲሙ እተቐምጠ ሰናዱቕ ወጺእካ ሓዲሽ ሳንዱቕ ምስራሕ ከምዝከኣል ውን እምነት ኣይጸንሓን። እቲ ንተግባርና ክመርሕ ዝግብኦ ሰነ ሓሳባት ንባዕሉ እንተዓዊሩ ንተግባርና ዝመርሕ ካልኦት መትከላትን ክብርታትን ከነማዕብል

ከምዘለና ኣብ ግምት ኣይኣተወን። ፍሉይ ኩነታት ሃገርና ፍሉይ ትኽረት ከምዘድልዮ ኣይተራእየን።በዚ ኣገባብ'ዚ ንተግባር ዝመርሕ ዝሓሸ ኣተሓሳስባ ክትመርጽ ኣሸጋሪ እዩ።እቲ ዘዋጽእ ነቲ ጭቡጥ ሕ/ሰብኣዊ ኩነታትና ኣብ ግምት ኣእቲኻ ነቲ ኣብ ዓለምና ዝጸንሐ ሰነሓሳባት ካብ እወንትኡ ከሲብካ ካብ እሉትኡ ውን ተማሂርካ ካብ ልሙድ ሰናዱቕ ወጺእካ ሓዲሽ መበገሲ ሒዝካ ብድፍረት ንጥቕሚ ህዝብኻን ሃገርካን ሓዲሽ ሓሳባት ንምምዕባል ምስራሕ እዩ።

ገለ ጸሓፍቲ ከምዝቕመጥዎ “ ፖለቲካዊ ሰነ-ሓሳብ ሓደ ውሱን ሰነ ምግባራዊ፡ እኩብ ሓሳባት፡ መትከላት፡ መሰረተ እምነታት፡ ሓሳባዊ ዛንታታት ወይ ምልክታት ናይ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት፡ ትካላት፡ ደርብታት ወይ ዓበይቲ ጉጅለታት ኮይኑ ከምይ ኢሉ ሕ/ሰብ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ዘብርህን ገለ ፖለቲካውን ባህላውን ስኡል መደብ ብዛዕባ ውሱን ማሕበራዊ ስርዓት ዘቕርብን እዩ። ዝዓበየ ሃሚ ወይ ሻቕሎት ፖለቲካዊ ሰነ ሓሳብ ምምቕራሕ ስልጣንን (Power allocation) ነየናይ መወዳእታ ክትግልገለሉ ክመዘለካን እዩ”

በዚ መግለጺ እዚ ኣብ ሕ/ሰብ ዝተፈላለየ ሰነ ሓሳብ ከምዘሎ ብሩህ እዩ።ዝተፈላለየ ሰነ ሓሳብ ካብ ሃለወ ድማ ስነሓሳባዊ ቃልሲ ውን ክህሉ እዩ።ስለዚ እቲ ንሓደ ሰልፊ ካብ ካልእ ሰልፊ ዝፈልዮ ስነ ሓሳባዊ መስመር ከመይ ዝበለ'ዩ ዝብል ክምለስ ዘለዎ ሕቶ እዩ። እቲ መልሲ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ መግለጺ ብመጠኑ ተጠቒሱ ኣሎ። እተን ሰልፍታት ዝፈላለያ በቲ ከመይኢሉ እቲ ውሱን ሕ/ሰብ ክሰርሕን ክስራዕን ከም ዘለዎ ብዘብርህ ፖለቲካውን ባህላውን ስኡል መደበን እየን። ኣዚ ስኡል መደብ(blue print) ነቲ እምነታተን ዘብርህ ጭቡጥ መምዘኒ ጥራይ ዘይኮነ ስልጣን ከመይ ኢሉ ክመቓራሕ ከምዝደልይኦ ውን ብቑዕ ምልክት ስለዝህብ መን ምኳነንን ንረብሓ መን ከምዝሕለቓን ንምልላየን ሓጋዚ እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ዝተሓንጸጸ ፕሮግራም ጥራይ ንሓደ ሰልፊ መን ምኳኑን ኣየናይ ሰነ ሓሳብ ከምዝኽተል ንምፍላጡ እኹል ምልክት እዩ ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ኣቲ ጭርሖታቱ፡ ምልክታቱ፡ ዛንታታቱ፡ ውሽጣዊ ኣሰራርሕኡ ባህሉ መግለጽታቱ ወዘተ ውን ብደቂቑ ምጽናዕ የድሊ እዩ። ከምዚኦም ዝመስሉ ሕቶታት ብምሉእነት እንተድኣ ኣጽኒዕናዮም ሓደ ፓርቲ ከምይ ኢሉ ካብ ካልእ ብሰነሓስብ ከምዝፍለ  ክንርዳእ ኣሸጋሪ ኣይኮነን።

ድሕሪ'ዚ ሓፈሻዊ መግለጺ ንታርኽና ብሕጽር ዝብለ ክንድህስሶ ኣድላይ እዩ። ቅድሚ ምምጻእ ጥልያን ዝነበረ ዓብላሊ ፖለቲካ፡ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ እዩ። ኣብ ዞናና ዝነበሩ ሓይላት መሳፍንቲ ኣብ ስልጣን ክመጹ ይኹኑ ንስልጣኖም ከስፋሕፍሑ ዝግልገልሉ ፖለቲካዊ ሓሳብ ሃይማኖት ነበረ። ዓጸይ ዮውሃንስ ብኢትዮጵያ፡ ማህዳውያን ብሱዳን ፖለቲካዊ ጐስጓሶም ኣብ ሃይማኖት እተሞርኮሰ ነበረ። ጥልያን ምስ መጸ በቲ ሊበራላዊ ኣረኣእይኡ ንሃይማኖታዊ ፖለትካዊ ኣተሓሳስባ ትሑት ዋጋ ሃቦ። ኣብ ሕበረተሰብና ድማ እተፈላለየ ሃይማኖት ዝጻወር ሊበራላዊ ባህሊ ክምዕብል ጀመረ። ጣልያን ወጺኡ ኤርትራውያን ነጻ ፖለትካዊ ምንቅስቓስ ምስ ጀመሩ፡ ሕውስውስ ዝበለ ኣተሓሳስባ ነበረ።ሓንፈጽ ናይቲ ሓዲሽ ሊበራላዊ ኣተሓሳስባን ናይቲ ብሃይማንኖታዊ ኣተሓሳስባ ዝጽሎ ካብ ዝሓለፈ ታሪኽ እተወርሰ ፖለትካዊ ዝምባለታትን ተራእየ።

ብረታዊ ተጋድሎና ፖለቲካዊ ሰነ ሓሳብና ብዝግባእ ከይማዕበለ ከይተነጸረን ተጀመረ። ብሓሳባዊ ቅልውላው ድማ ተጠቕዐ። ድሕር ኢሉ በቲ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ዴሳዊ ምንቅስቓስ እተጸልወ በቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባን ኣሰምራን ዝማዕበለ ዴሳዊ ሓሳባት ኣብ ቃልስና ተቐልቀለ። ነዚ ዝድግፉ ምስጢራውያን ሰልፍታት ውን

ኣብ ክልቲኣን ዓበይቲ ውድባት ተፈጥሩ። በዚ መንገዲ ምዕብል ዝበለ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ተራእየ።ይኹንእምበር እዚ ምዕባለ እዚ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓመጽ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ቀንዲ ውራዩ ዝነበረ ሓርነታዊ ቃልስና ዝማዕበለ ብምኧኑ ኣብ ክንዲ ንጉሉጽነት ንዕጽውነትን ኣብ ክንዲ ንተዓጻጻፍነት ንድርቅናን ኣሳጢሑና እዩ።እቶም ንቓልስና ክሕጉዝና እተለቃሕናዮም ሓሳባት ንገዛእ ነብሶም ንቓልስና ዝዕንቅፉ መናድቕ ኮይኖም እዮም።እዚ ክንብል ከለና ጭሪስና ቁምነገሮም ንምኽሓድ ከምዘይኮነ ክፍለጥ ይግብኦ።

ሕጂ ኣብ ህሉው ኩነታትና ኣየናይ ሰነ ሓሳብ ንከተል ክንብል ከለና ንኽልተ ስርዓታት ኣብ ግምት ከነእቱ ይግባእ

1- ርእሰማላዊ ስርዓት በቲ ነጻ ዕዳጋ ዝብል ፍልስፍንኡ ኣገዳሲ ዓወት ኣረጋጊጹ እዩ። ይኹንእምበር ጌና ነቲ ኣብ መንጎ ሃብታምን ድኻን ዘሎ ሽግር ብቑዕ መፍትሒ ኣይቀረበን ዘሎ። ገሊኦም ኣብ ህይወቶም ክጥቀምሉ ዘይክእሉ ሚልዮናት ክድልቡ ከለው ገለ ሰባት ድማ ጸሞም ይሓድሩ ኣለው
2- ዴስነት ንሽግር ርእሰማልነት ክፈትሕ እተቐልቀል ስርዓት እዩ። ንርእሰማልነት ወርዝዩ ማዕርነታውን ብልጽግንን ሕ/ሰብ ከምመብጽዕኡ ክፈጥር ኣይከኣለን።ዴስነት ንመትከል ነጻ ዕዳጋ ነጺጉ ብምዱብ ምጣኔ ሃብቲ ክሰርሖ ምስ ፈተነ ፈሺሉ

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓቅታት ተበጊስና ፍልስፍና ነጻ ዕዳጋ ንሃገራዊ ምዕባለና ንቕድሚት ዘሰጉም ስርዓት ምኧኑ ክንክሕዶ ኣይንኽእልን፡ ግን ነጻ ዕዳጋ ነቲ ዝርጋሐ ሃብቲ ፍኑው ስለ ዝገብሮ ንገሊኡ ኣካል ሕ/ሰብና ሃስዩ ንገሊኡ ከርብሕ ስለ ዝኽእል ነዚ ዘስተውዓለ መፍትሒ ንምቕርብ እተዳለወ ምጣኔ ሃብታውን ፖለቲካዊን ሕንጻጽ ይድሊ። ካብዚ ተበጊስና እዘን ክልተ ሰናዱቕ/ዴስንት ርእሰማልነትን/ ብምልኣት ከዕግባና ዘይክእላ እንተኾይነን ንጥቕሚ ሕ/ሰብና ቀዳማይ ቦታ ሂብና ሓዲሽ ሳንዱቕ ክንርኢ ንግደድ። እቲ ሓዲሽ ሳንዱቕ ካብ እወንታዊ ሓሳብን ተሞክሮን ክልትኡ ስርዓታት ትምህርቲ ቀሲሙ ንቕድሚት ዝስጉም ድማ ክኸውን ይግብኦ።

በዚ ምኽንያት ሰልፍና ኣብ ግሉጽ ሰነሓሳብ ክምርኮስ ይሓይሽ።ሓሳባት ብተግባራዊ ዋግኦም እናዓቀነ ክቕበሎም ክነጽገሙን የድሊ፡ መብዝሕትኦም ኣባላት እተሰማምዕሉ ሓሳብ ይሰርሕ፡ ኣብ ተግባር ተፈቲኑ ዘይሰርሐ ሓሳብ ድማ እኹል መፈተኒ ግዜ ድሕሪ ምርካብ ከምብሓዲሽ ይምርመር። እዚ ካብ ድርቅና ሓሳባት ዘውጽእ ምዕቡል ኣገባብ እዩ። ሓሳባት መትከላት ዘልኣለማዊ ክብሪ ህብካ ዕንቅፋት ናይ ተግባር ክኾኑ ዘየፍቅድ ኣሰራርሓ እዩ። ነቲ መሰረታዊ ዕላማ ሰልፍና እተቐበለ ኣየናይ ሰነ ሓሳባዊ እምነት ይሃልዎ በዘየገድስ ዝኾነ ኤርትራዊ ኣባል ሰልፍና ክኸውን ይኽእል እዩ።እምነቱ ኣብ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ቃልሲ ዝኾነ ማርክሳዊ፡ ሊበራላውያን፡ ሃይማኖታዊ ካልእ ሰነ ሓሳብ ዘለዎ ውን ኣብ ሰልፍና ክሰለፍ ይኽእል እዩ። ብኣወንታዊ ሓሳባቱ ንሰልፍና ከማዕብል ድማ ይቃለስ። ማርክሳውያን ንድኻታት ኣትኩሮና ክንጥምት ክድግፉና ይኽእሉ እዮም፡ ሊበራላውያን ንነጻ ዕዳጋ ብብቕዓት ክንሰርሓሉ ይድጉፍና፡ ሃይማኖታውያን ፍቕርን ሰላምን ኣብ ምምሃር ይሕጉዙና ኩሉ ሰብ ኣብ ሰልፍና ቦትን ግደ ኣለዎ።ንሕና ዘይንድግፎ ድርቅና እዩ። ኣነ እየ ቁኑዕ ኢልካ ንኻልኦት ምቁኑጻብ እዩ።

*ገለ ሰባት ፍርዲ ኣብ ምሃብ ንፉዓት እዮም። ስለዚ፡ እዚ ሰልፊ ኣይኮነን ግንባር እዩ ክብሉ ይኽእሉ እዮም።ንሶም ድልየቶም ይበሉ እቲ እነቕሞ ዘለና ግን ሰልፊ እዩ። ሓደን ንጹርን ናይ ርሑቕ ዕላማ ዘለዎ ሰልፊ እዩ።ኣብዚ ናይ ርሑቕን ቀረባን ዕላምኡ ዝሰማምዑ እተፈላለየ ታሪኽ ይኹን ሰነ ሓሳባዊ ኣተሓሳስባ ዝነብሮም ኣካል ሰልፍና ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።*

*ገለ ሰባት ኣካይዳና ክገርሞም እዩ። ኣተሓሳስባና ውን ክገርሞም እዩ። ምኽንያቱ ካብቲ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘውጽእ ጭራ ሰለ ዘይረኸቡ ክኸውን ይኽእል እዩ።እቲ ክጠቕምና ዝተለቃሕናዮ ሓሳባት ገሊኡ ኣብ ጸልማት ኣስፊሩና እዩ። ትልሚ ጸረ ትልሚ፡ ጸሊምን ጻዕዳን ጥራይ ኢና ክንፈልጥ ጸኒሕና። ግርጭት ኣደ ምዕብለ ምዃኑ ውን ክንእምን ጸኒሕና ኢና። እዚ ብፍጹም መልክዑ ምስ ሓዝናዮ ግን ክንደየናይ ንሓሳብና ከምዘድረቐ ፍጹም ኣይተረድኣናን። ህይወት ንጸሊምን ጻዕዳን ሓቚፉ ተጻዊራ እትኸይድ፡ ካብ ክልቲኡ እትጥቀም ኣምበር ንጸሊም ተቐቢላ ንጻዕዳ እተጥፍእ ኣይኮነትን። ከምኡ እንተዝኸውን ጸሊምን ጻዕዳን ዝብሃል ክህሉ ኣይምኸኣለን። ክልተ ተጋራጨውቲ ክንርኢ ስለ እተዓለምና ነቲ ኣብ መንጎ ዘሎ ሓሳባት ኣብ መንጎ ዘሎ መንገድን ውን ክንርእዮ ኣይከኣልናን። ኣብ ውሽጢ እቲ ጻዕዳ ጸሊም ኣብ ውሽጢ እቲ ጸሊም ጻዕዳ ክርከብ ከምዝኽእል ንስሕት’። ጸሊምን ጻዕዳን ዝሓወሰ ሓሚኽሽታይ ከምዘሎ ውን ፈጺምና ንዝንግዮ። ምኽንያቱ እቲ ህኩይ ሓሳባትና ድሉው ሰናዱቕ ክረክብ ጥራይ እዩ ሃሰውሰው ዝብል፡ ባዕልኻ ምስ ኩነታትካ ዝሰማማዕ ንሃገርካን ህዝብንኻን ዝጠቅም ንሓፈሻዊ ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብር ሰንዱቕ ክትሰርሕ ከም እተኽእል ፍጹም ኣይኣምንን ጸኒሑ።*

*ሓዲሽ ሓሳብ ክቐርብ ከሎ ውን ህድእ ኢልካ ክትርዳእ ኣብ ክንዲ ምፍታን ብሕጊ ትልሚ ጸረ ትልሚ ብቐጥታ ንዑኡ ዝጸረር ክነቕርብ’ዩ ክሰልጠና ጸኒሑ። ተስፋና እዚ ግርጭት እዚ ኣብ ገለ ምዕባለ ከብጽሓና ይኽእል ይኸውን ዝብል እዩ።እዚ ብዝተጋነነ ምልክዑ ምስ ተታሕዘ ዝዓወረ መትከል ግን ኣብ ምዕባለ ዘብጽሕ ኣይነበረን። ኣብዚ ሓዲሽ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባና ሓሳብ ምስ ቀረበ እንታይ ኣወንታዊ ጠቕሚ ኣለዎ ብዝብል ድኣ ንምርምሮ እምበር ብግስ ከይበለ ብሕጊ ትልሚ ጸረ ትልሚ ኣይንጻረሮን ኢና። ነቲ ኣወንታዊ ጐኒ እቲ ሓሳብ ተቐቢልና ምስ ካልኦት ኣወንታዊ ሓሳባት ኣዳቒልና ንተግባር ምቹእ ከምዝኸውን ንገብሮ። ኣብ ተግባር ተፈቲኑ ዘዓውት እንተኸይኑ ንቕጽሎ ዘየዓውት ኣንተኾይኑ ግን መሊስና ንምርምሮ። ምዕባላ ብኣገባብና ኣተሓሳስባናን እተጸንዐ እተመደበ እምበር ካብ ምግርጫው ዝፍጠር ሃንደፍደፍ ክኸውን ኣይኮነን።ሓሳባት ኣብ ቦታና ክቐርቡ ምሉእ ነጻነት ክህልዎም እዩ። ብግስ ከይበሉ ዘጥቅየም ተጻራሪ ሓሳብ ክህሉ ኣይኮነን።እዚ ክበሃል ከሎ ፍጹም ሰነ ስርዓት ኣይክህሉን እዩ ማለት ኣይኮነን፡ ስነ ስርዓትና ግን እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝለመድናዮ ንሕጊ ውግእ ዝመስል ስነስርዓት ክኸውን ኣይኮነን።*

*እቲ ቀንዲ መበገሲ ናይቲ ጉሉጽ ስነ ሓሳብና ንደቂ ሰብ ቅድሚ ብደርብታትን ካልእ ማሕበራዊ ክፍልታትን ከፊልካ ምርኣይ ክብረት ዝግብኦም ፍጡራት ምዃኖም ምእማንን ምርኣይን እዩ። ካብ ከምዚ ዝመስል ኣረዳድኣ ዘይብገስ ስነ ሓሳብ ውዱቕ ስነ ሓሳብ እዩ። ተሓላቓይ ሸቃላይ ኮይኑ ሞት ሃብታማት ዝምነ፡ ተሓላቒ ሃብታማት ኮይኑ ስቕያት ሰራሕተኛታት ዝምነ፡ ተሓላቒ ሃይማኖት ኮይኑ ጽልእን ቅርሕንት ዝዘርእ ኣብ ሰልፍና ቅቡል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነቲ መሰረታዊ እምነትና ወዲሰብ ሓደ ኩብር ፍጡር እዩ ዝብል ዓላማና ስለ*

ዘይሰማማዕ። ክምዚ ዓይነት እምነት ዘለዎ ካልእ ንዕኡ ዘዕግብ ሰልፊ ክደሊ ኣለዎ። ነቲ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብር ነቲ ኣብ ንድፊ ፖለትካው ፕሮግራምና ተቐሚጡ ዘሎ ዕላማ ሰልፊ ዘኽብር በቲ ኩልኻ እተሰማማዕካሉ ሕጊ ዝንቀሳቐሰ ግን ኣይናይ ዝምባለ ይሃልዎ ብዘየገድስ ብጻይናን ኣባልናን ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣባል ናይ ሰልፍና ዘይኮነ ምእንቲ እቲ እንኣምነሉ ዕላማ ዝቃለስ እንተሎ ውን ብስነሓሳብ ብጻይና እዩ ሃናጺ ሓሳባቱ ክንቅበል ድሉዋት ኢና።ኣንኮንያ ካብቶም ዝሰማምዑና ካብቶም ዝጻረሩናን ዘይድጉፍናን ውን ሓሳብት ክንቅበል ድልዋት ክንከውን የድሊ። ንዕቀት ካብ መዝገብ ቃላትና ክንሓኮ ኣለና።ኣብ ቅድመና ኩሉ ወዲ ሰብ ክቡር ፍጥረትን ርእይቱኡ ድማ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎን እዩ።

*መደምደምታ*

እናገፍሐ ዝኸይድ ክዕገት ዘይክእል ጭራ ብርሃን ተቐልቂሉ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ እቲ ጸላም ነቲ ብርሃን እንዳጠመትና ንቕድሚት ንስጉም ኣለና። ብርሃን ክስዕር ምኻኑ ጥርጥር የብልናን። ኣብ ውሽጢ እቲ ብኣሉታ እተዓብለለ ፖለቲካዊ ህይወትና እናገፍሐ ዝኸይድ ዘይዕገት ኣወንታዊ ነጥቢ ይርአየና ኣሎ። ነቲ ኣወንታዊ ዕላማታትና እናጠመትና ንቕድሚት ንስጉም ኣለና። ኣወንታ ንኣሉታ ክስዕሮ ምኻኑ ውን ጥርጥር የብልናን። በዚ ምኽንያት ኣብ ሱር ነቀል ኣወንታዊ ሰውራ ንነብስና ክንጸምድ ወሲንና ኣለና።ሰልፍና ድማ ዕቱብ ተሓላቒ ኣወንታዊ ሰውራ ክኸውን እዩ።

ካብዚ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳባት ንላዕሊ ክቐርብ ምኽኣለ ። ይኹንእምበር በ'ቲ ውሱን ጌዜ ኮንፈረንስና ካብዚ ንላዕሊ ምቕራብ ዝከኣል ኣይነበረን። ኣቲ ኣብ ኤውሮጳን ኣብ ኣመሪካን ኣተኻየደ ዕውት ኮንፈረንሳት ኣገዳሲ ንሕና እንሰማምዓሉ ሓሳባት ኣቕሪቡ ስለ ዘሎ ኣብ ርእስኡ እዚ ናይ ሎሚ ክትዕና ውን ተወሳኺ ቁምነገር ከበርክት ምኻኑ ምሉእ ተስፋ ኣለኒ።

ሰላምን ዲሞክራስን ይዓንብብ
ሱር ነቀል ለውጢ ይተዓወት
ህዝቢ ኤርትራ ይስዓር